ማሕበረኮም ከለን ከባቢኣን
Eritreischer Kultur- und Sozialverein e.V. Köln

# *ሸሞንተ መጋቢት ኣህጉራዊ መዓልቲ ድቀንስትዮ*

*ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን ተሳተፍቲ በዓል*
*ብመጀመርያ ሎሚ ዓመት መበል 108 ዓመት ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀንስትዮን መበል 38 ዓመት ሃገራዊ መዓልቲ ደቀንስትዮን ኣብ ድርኩኹት መበል ዕስራን ሸዱሽተን ዓመት ነጻነት ኤርትራ ነብዕል ስለ ጸሎና ፍሉይ ትርጉም ኣለዎ።*
*ሎሚ ንድሕሪት ተመሊስና መሰል ደቀንስትዮ ክንዛረብ ከሎና ሕጀ መንግስቲ ኤርትራ ናይ ቅድም ሀ.ግ. ንሕቶ ደቀንስትዮ ማዕረ ማዕረ ምሕራር ሃገር ይርእዮ ከም ዝነበረ ሕሉፍ ታሪኽ ይገልጸልና። ኣብ 1977 ሀ.ግ. ኣብ ቀዳማይ ጉባኤኡ ዘጽደቖ ሃገራዊ ዴሞክራስያዊ ፕሮግራም ነዚ ጉዳይ ብዝምልከት ከምዚ ዝስዕብ ሰፊሩ ይርከብ።*
*ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ ኤርትራ ዝርከብ ዘሎ ጎዳኢ ባህልታትን ልምድን ኣጥፊእካ ነቲ ጽቡቕን ገስጋሲ ትሕዝቶን ምምዕባል ይብል። ከም ኣብነት ውን ከሸቦ፤ መርዓ ትሕቲ ዕድመን ማዕረ ዕድላት ዘይምህላው ክጥቀስ ይከኣል።*
*ሎሚ ድሕሪ ነዊሕ ቃልስን መኸተን ኤርትራዊት ጓል ኣንስተይቲ መሰላ ሙሉእ ብሙሉእ ተፈቲሑ እዩ እኳ እንተዘይበልና ኣብ ኣጸቢቑ ዝሓሸ ኩነታት ትርከብ። እዚ ኸኣ ታሪኽና ከም ዝምስክሮ ብቐሊሉ ዝመጸ ዓወት ኣይኮነን፤ እንታይደኣ ኣብዚ ዘሎ ደረጃ ንኽብጻሕ ሰድርአን፤ በዓልቤተን፤ ከምኡ ውን ደቀንን ከይተረፈ ገዲፈን ኣንጻር ድርብ ጭቆና ዝተቓለሳ፤ ዝሰንከላ እታ ሓንትን ዝኸበረትን ህይወትን ዝኸፈላ ኣባላት ሕብረተሰብ ስለ ዘለዋና እዩ።*
*ሎሚ ኣብዚ ተኣኪብና ነዚ በዓል ከነብዕል ከለና ብሙሉእ መንፈስናን ቀልብናን ነተን ብህይወት ዘየለዋ እወ ሳላኽን ብዙሕ ዓሚምናን ሰጊርናን፤ ነተን ዘለኽን ከኣ እንቋዕ ኣብዚ ኣብቅዓክን ንብል። ኣብ ጎንኽን ከም ዘሎና ውን ደጊምና ደጋጊምና መብጽዓ ንኣቱ።*
*ኣብ መወዳእታ መሰል ደቀንስትዮ ናይ ደቀንስትዮ ሕቶ ጥራይ ኣይኮነን። እንታይ ደኣ ናይ ሙሉእ ሕብረተሰብ ሕቶ እዩ። ከምኡ ስለ ዝኾነ ኸኣ ነዚ ሕቶ ኣብ መዓልብኡ ንምብጻሕ ዋላ እኳ ብኣፍን ብጽሑፍን ሰፊሩ እንተሎ ግብራዊ ቃልስን መኸተን ናይ ደቀንስትዮ ዝያዳ ከሰንዮ ናይ ግድን ይኸውን። ምኽንያቱ ዓወት ብኽምኡ ዝውሃብ ወይ ዝዕደል ዘይኮነስ ብቓልሲ ጥራይ ስለ ዝረጋገጽ።*
*ማሕበረ ኮም ከለንን ከባቢኣን ብምኽንያት ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀንስትዮ እንቋዕ ኣብዚ ኣብቅዓክን ኣብ እትገብርኦ ሕብረተ ሰብ ንምቕያር ቃልሲ ኣጆኽን ንኺድ ጥራይ ይብል።*

*ማሕበረ ኮም ከለንን ከባቢኣን*
*ኣካየድቲ ሸማግለ*
***11.03.2017***